ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

Executive Committee

ensf.info@gmail.com

15. ሚያዝያ 2025

# ቃል ሓዘን ብመስዋእቲ ዓቢ ተጋዳላይ
# ገብረሂወት መሓሪ (ዓለም ጸበቦ)

ክቡር ብጻይና ገዲም ተጋዳላይ ገብርሂወት መሓሪ (ዓለም ጸበቦ)፡ ብዝወረዶ ሕማም ብሰሉስ ዕለት 08 ሚያዝያ 2025 ኣብ መበል  84 ዓመት ዕድሜኡ ኣብ ከተማ ካስል/ ጀርመን ካብዛ ዓለም ተፈልዩ።

ተጋዳላይ ገብረሂወት መሓሪ ብ 1941 ኣብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ተወሊዱ ኣብታ ከተማ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ኣብታ ከተማ ተማህረ። ካብኡ ኣብ 1959 ናይ ሽድሽተ ወርሒ ወታደራዊ ትምህርቲ ብምውሳድ ናብ ዓዲ-ኳላ ኣብ ድኳና (ፖሊስ) ተመዲቡ ሰርሐ። ቀጺሉ ድማ ናብ ከተማ ኣስመራ ተመዲቡ ንገለ ዓመታት ድሕሪ ምግልጋል ናብ ከተማ ዓሰብ ስዒቡ ውን ናብ ዓዲ ቐይሕ ክሳብ 1974 ኣገልጊሉ።



ስዉእ ተጋዳላይ ገብረሂወት ካብ ንኡስ ዕድሚኡ ኣትሒዙ ብጉዳይ ሃገሩን ህዝቡን ይግደስን ይሕለቕን ብምንባሩ ኣብ ከተማ እንከሎ ውሽጣዊ ስርርዕ ኮይኑ ይተሓባበር ነበረ። ኣብ መጀመርያ ናይ ድማ ብረቱ ሒዙ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተጸንበረ።

ኣብ ተሓኤ ወታድራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምውሳድ ኣብ ጸጥታ ተመዲቡ ኣገልገለ። ድሕሪኡ ኣብ ክፍሊ ሓበሬታ (ሙኻበራት) ናይ ምምሕዳር 8ን፣ ምምሕዳር 9ን፣ ምምሕዳር 10ን (ሰራየ፣ ሓማሴን፣ ኣከለጉዛይ) ተመዲቡ ኣገልገለ። ኣብኡ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ኣብ ክፍሊ መዝገብ ተሓዚ መዛግብቲ (ጸሓፊ) ብምኳን፡ ክሳብ ተሓኤ ብወያነን ህግሓኤን ተደፊኣ፡ ንኮሮኮን ታህዳይ እትኣቱ ኣገልጊሉ። ብድሕሪኡ ከም ብዙሓት ተጋደልቲ ተሓኤ ናብ ስደት ብምምራሕ ኣብ መጀመርያ ሰማንያታት ንጀርመን ተሰደደ።

ኣብ ኩሉ እዋናት ምስ ኩሉ ጸገማቱ ጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ካብ ዓይኑን ልቡን ከይተፈልየ ነበረ። ብጻይ ዓለም ጸበቦ ትጉህን ኣብ ስርሑ ጽፉፍን ተቓላሳይ ኔሩ። ንብጾቱ ዝሓልን ለዋህን ተዋዛያይን ኔሩ። ዕላሉን ትረኹኡን ድማ ምኡዝ ነበረ።

ብመስዋእቲ ክቡር ብጻይና ገብሪሂወት መሓሪ (ዓለም ጸበቦ) ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን ብምግላጽ፡ ንክቡራት ስድራቤቱን መቕርቡን ንተቓለስቲ ኤርትራውያን ብሓፈሻ ንተቓለስቲ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ድማ ብፍላይ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብ ንብል። ንስዉእ ጅግና ብጻይና ድማ ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ከስፍሮ ንምነ!

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ።

15 ሚያዝያ 2025